*(መግለጺ ቃል ሐዘን ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ)*

*ሙና እንታይ ረኸበኪ ኤርትራዊት ዋዕሮ*
*ልሳን ውጹዓት ሞትኪ ኣይከኣልናን ክንጾሮ*
*ኣደ ሰለስተ ሙና ሙስጣፋ ወይዘሮ‘‘*




*ጓል ቆም ተባዓት ተቓለስቲ*
*ብትብዓታ ትልለ ብልጽቲ*
*ኤርትራዊት ዋዕሮ ምህርቲ*
*ኤርትራና ተዘሚታ ሎሚ መዓልቲ‘‘*

*ሙና እንቢ ንምልኪ እንዳ በልኪ*
*ሙና ንፍትሒ ንመሰል ዝተቃለስኪ*
*ከም ናይ ወለድኺ ሰኑድዩ ታሪኽኪ*
*ረብና ኣብ የማናይ ኢዱ ይቀበልኪ‘‘*

*ብሽም ደለይቲ ፍትሒ ኤርትራውያን*
*ሙና ሙስጣፋ ኣኺላ ዶ እዛ እዋን*
*ኮሮና ቫይርስ ጸቡቕ ኣይፈደኻናን‘‘*

*ብኮሮና ቫይርስ ዓሰርተ ትሽዓተ*
*ኣብ ዓለምና ክንደይ ዘይዘመተ*
*ኣምላኽ ረቢ ይቀበሎ ንዝሞተ‘‘*

*ንስድራቤትን መቕርብን ጽንዓት ይሃብኩም*
*ጠሊ ትግደፈልኩም ካብ ናይ ዕላማ ብጾትኩም*
*ንኹልኹም ናይዚ ኮሮና ቫይርስ ግዳይ ዝኾንኩም*
*ብሽም ዋዕሮታትን ሐርበኛታትን ተኻፈልቲ ሐዘንኩም።*

*ዓወት ነቲ ደም ዝኑበዕ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ;ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና፣ስዕረት ንጃንዳ ህግደፍን ዓንገልቶምን፣ ብኣባል ተሐኤ በርሀ ዑቅባዝጊ ሃገር ጀርመን።*